ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

## ተጋዳላይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ
## ኣቦ መንበር ፈጻሚኣካል ግሃድኤ ክኸውን ተወሲኑ።

ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ በታ ስዉእ መራሒና ዶር ሃብተ ተስፋማርያም ተኪኡ፣ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ኮይኑ ውድብ ንክመርሕን ንተጋዳላይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፣ ከምዝመረጸ፣ ኣቦ መንበር ስክራታርያ ማእከላይ ባይቶ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ መፍለስ ሓቢሩ።

መስዋእቲ ተጋዳላይ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም፣ ንውድብናን ሃገርናን ከቢድ ኪሳራ'ኳ እንተኾነ፣ ንሱ ዝገደፎ ዓቢ ሃናፍ ንምሽፋን ኩሎም ኣባላት ውድብ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ኣሰሩን ኣሰር ኩሎም ጀጋኑ ስዉኣትና ተኸቲሎም፣ ንከዕውትዎ ከይተሓለሉ ዝተቓለሱሉ ልዑል ሃገራዊ ዕላማታ ናብ ዓወት ንምብጻሕ፣ ቃልሶም ከኸዕብቱ፣ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ጸዊዑ።

ንውድብ ግሃድኤ ሓደ ካብ'ቶም ኣብነታውያን መራሕቲ ሃገር ብምስዉኡ ዘጋጠሞ ከቢድ ሓዘን፣ ተካፋልነቶም ንዘርኣዩ፣ መሓዙት ፖለቲካዊ ውድባትን፣ በርጌሳዊ ማሕበራትን፣ ብዙሓት ሃገራውያን ባእታታትን፣ ኣዕሩኽትን መሓዝቱን ህዝብናን፣ ዝተፈላለዩ መርበብ ሓበሬታን፣ መራኸቢ ብዙሓንን፣ ሶሻል ሜድያን፣ ኣቦ መንበር ስክረታርያ ባይቶ ውድብ ተጋ/መሓመድ ስዒድ መፍለስ ክብ ዝበለ ምስጋናን መጎስን ኣቕሪቡ።

ሓርበኛ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም፣ ብዕለት 13 ጥሪ 2017 ተሰዊኡ፣ ብዓርቢ ዕለት 20 ጥሪ ከኣ፣ ስድራ ቤቱን፣ ኣቦ መንበር ማእከላይ ባይቶ ዝርከቦምኣባላት መሪሕነት ግሃድኤን፣ ብዙሓት መራሕቲ ማሕዛት ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ጀርመንን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ካናዳን ዝመጹ ኤርትራውያንን መሓዙትን ዝተሳተፍዎ፣ ኣብ ጀርመን ከተማቦን፣ ዓቢ ናይ ቀብሪ ስነ ስርዓት ተኻይዱ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ !!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
27 ጥሪ 2017